ኣብ ቶጎሩባ; ዉሑዳት ገጢሞም ምስ ብዙሐት;ንህዝቢ ኤርትራ ናይ ዓወት ብስራት;ራዕዲ ፈጢሮምሉ ናይ ሃጸይ ሃይለ ስላሴ ስርዓት;ኣብ 15 መጋቢት(64)ቶጎሩባ ሐበን; እንታይ ይበሃል ኣሎ ሎሚ ዘመን;ውጽኢት ነጻነት;ኤርትራ ንኤርትራዊያን ኣወዓለን;;ደቂ ኤረይ;ድሕሪ ያኣክል ከ ናበይ;;



ብመሪሕ ተሐኤ; እንዳ ተመርሐ;ናብ ኣፍደገ ነጻነት ምስ ኣብጸሐ;ሰራዊት ተሐኤ እቲ ቅያ ዝሰርሐ;ብውዱት ግንባር ወያነ ምስ ተፈንጠሐ;ብቀያሕትን ጸለምትን ምስ ወግሐ;ነጻነት ብሐርነት ስለ ከይተተከኤ; ኣጉል ተሪፉ ኣብ ኩሉ ከይበጽሐ።

እዚ ኩሉ መንእሰይ በኛ ሐሊፉ;ራኢ ሰማእታትና ተኸሊፉ; ራኢ ደቀባት ብጭፍራ ተጠሊፉ;;ኣብዘይሰምዓካ ደብሪ ኣይትማህለል;ዕላማ ያኣክል;;ቅዋም ይተግበር;;ናይ ሕልና ፖለቲካ ኡሱራት ይፈትሑ(ወይ ኣብ ፍርዲ ይቕረቡ) ፓርላማ ይተኣከቡ;;ሃገራዊ ኣገልግሎት ይጣየሱ ይካሐሱ።

ስለዚ ንመንዩ ያኣክል)ኢሰያስ ኣራጋጊጹዩ;ንኢትዮጵያዊያን እንበር) ንኤርትራዊያን ከምዘይ ውክል)ካብ ጉይይ ምውዓል ክሳድ ምሐዝ)ኣብ ባይታ) ምስ ማፍያዊ ጉጅለ ክንተሐሐዝ።

ብጌጋ ከይትርድኡኒ ምእንቲ;ያኣክል ንሕጋውያን መራሕቲ; ከም ናይ ኣልጀርያ መንግስቲ;ብቅዋም ህዝቢ ተማእዘዝቲ;; ንያኣክል ከም ወሳኒት ከይንርኢያ;ያኣክል ከም ህዝቢ ኣልጀርያ;ኣብ ዓድኻ ኣብ ጽርግያ;ያኣክል ሐባሪት ዓወት እያ;ዕምሩ ክተሕጽሮ ንጉጅለ ማፍያ።

ሹዑ ቅዋም ብደቂ ዓዲ;ብሕጋዊ መንገዲ;ብላዕለዋይ ቤት ፍርዲ;;በቲ ወልፊ ደም ዘለዎ; ብትእዛዝ ጋንኤን ዝነደፍዎ? ቅዋም መን ተቐቢልዎ;;ምስማዕ ኣቢኹም እንበር;ኣብ ሕጋዊ ስርዓት ዘይብላ ሃገር;ቅዋም ብከመይ ይትግበር።

ዶብና ክሕንጸጽ ንመን ዲና ንሕቶ
ፓርላማ ይተኣከቡ ንቲ ኣልቦ ሪኢቶ
ንምእዙዝ ዝኾነ ህግደፋዊ ባይቶ፣

*ዶ ነቲ ብሐይሊ ዝገዝእ መቓቚሉ*
*ብኢዱ ህዝብና ቆጸሊ ዘይውደቕሉ*
*ደቂ ኤረይ ንሐቀኛ ለውጢ ተላዒሉ፣*

*ልእላውነትና ንመን ክዕድሎ*
*ሃየ ብደገን ውሽጥን ንዳሎ*
*ከምቲ ዝመንጠለና ክንምንጥሎ፣*

*ጭርሖና ካብ ሕጂ ጀሚርና*
*ንህግደፍ ኢደይ ኢድካ ኢልና*
*ንደመኛና ካብ ሱሩ ምሒና*
*ኣብ ቀይዲ ክነእትዎ ዩ ዝግበኣና፣*

*መጸዋዕታ ኣብ ዝኸሪ ቶጎሩባ;*
*ካብቶም ዝወደቑ ኣብ ጎቦ ሩባ;*
*ንሃገር ኤርትራ ክንርኢ ዓንቢባ*
*ህግደፍ ኣብ ፍርዲ ምስ ቀረቡ ምስ ቀርባ;*
*ኣብ መቓብር ሰማእታትና ክነውድቕ ዕንበባ።*

*ዓወት ነቲ ደም ዝነብዕ ዘሎ ህዝቢ ኤርትራ‘ክብርን ሞጎስን ንጀጋኑ ሰማእታትና‘ስዕረት ንጃንዳ ህግደፍን ዓንገልቶምን‘ካብ ዉሽጡ ሑሩር‘ኣባል ተሐኤ በርሀ ዑቕባዝጊ ሃገር ጀርመን።*